BIG HOUSING BUILD

Tigrinya | ትግርኛ

# ኣብ ፍሌሚንግተን ዝግበር መፃኢ ስራሓቲ

ናይ ስራሕቲ ምልክታ

ሓምለ 2026

homes victoria

## ናይ ትሕተ ቕርጺን ኣገልግሎታትን ስራሓቲ ንምቕጻል ናይ ስራሕ ቦታ ምስፋሕ

### ካብ ነሓሰ ክሳዕ ሕዳር

ኣብ መጻኢ ኣብ እቲ ኸባቢ ሓደስቲ ኣባይቲ ንምምዕባል ዝግበር ናይ ትሕተ ቕርጺን ኣገልግሎታትን ስራሓቲ ይካየድ ኣሎ፣ ክሳዕ መወዳእታ 2026 ድማ ክቕጽል ኢዩ።

### እንታይ ክንገብር ኢና

- ናይ ትሕተ ቕርጺን ኣገልግሎታትን ስራሓቲ ምትካል ንምቕጻል ነቲ ናይ ስራሕ ቦታ ናብ ደቡብ ናብ ሬስኮርስ ሮድ ምስፋሕ
- ኣብ መንጎ 120 ሬስኮርስ ሮድ/Racecourse Road ከምኡውን 12 ሆላንድ ኮርት/Holland Court ዘሎ መእተውን መውጽእን ነጥብታት ምቕያር
- ናይ ኣምቡላንስ ጠጠው መበሊን መራገፊን ቦታ ምቕያር
- ኣብ መንጎ 120 ሬስኮርስ ሮድን 12 ሆላንድ ኮርትን ኣብ ዝርከብ መቖም ማኪና ናይ መሬት መርመራ ስራሕቲ ይግበር። እቱ መቖም ማኪና እዚ ስራሕቲ ኣብዝሳለጠሉ እዋን ክፉት ክኸውን እዩ
- ናይ ስራሕ ቦታታት ምዅዓትን ብሓመድ ምምላእን
- ገለ ኣእዋምን ኣትክልትን ምውጋድ
- ሓደገኛ ነገራት ኣብ እቲ ቦታ እንተ ተረኺቡ ምውጋድ።

ኲሉ እቲ ስራሕ ድሕንነት ንምርግጋጽን ምቍራጽ ንምቕናስን ብዝተዳለወ ፕሮቶኮላት መሰረት ክዛዘም እዩ።

### እንታይ ትጽበ

- ኣብ መቖሚ ማካይንን መእተዊ መቖሚ ማካይንን ኣብቲ ዙርያ እቲ ኸባቢ ዘሎ ናይ ኣጋር መገድታት ብቐጻሊ ዝግበር ለውጥታት። ብኽብረትኩም ናይ ትራፊክ ምምሕዳርን ምልክታትን ተኸታተሉ
- ኣብ መወዳእታ ነሓሰ ኣብ ጥቓ 130 ሬስኮርስ ሮድ ከምኡውን 12 ሆላንድ ኮርት መቖሚ ማካይን በብደርጃኡ እንደገና ይኽፈት
- ሓድሓደ ግዜ እቲ ናብ ሬስኮርስ ሮድ ዝወስድ መውጽኢ መስመር ንግዜኡ ይዕጾ። ኣብዚ እዋን እዚ መእተዊ ማካይን ኣብቲ ምልክት ዝተገብረሉ መመሓላለፊ መገዲ ክህሉ ኢዩ

More Homes For Victorians | VICTORIA State Government

- ኣብ እቲ ኸባቢ ናይ ስራሕ ቦታታት በብደርጅኡ እንደገና ምኽፋት
- ኣብ እዋን ስራሕ ድምጽን ምንቅጥቃጥን
- አብቲ ኸባቢ ስሩዕ ምንቅስቓስ ማካይንን ናይ ጽዕነት ማካይንን
- ሰራሕተኛታት ናይ ብሕቲ መከላኸሊ መሳርሒታት እንተላይ ከም ኣድላይነቱ ጻዕዳ ናይ ድሕንነት ክዳውንቲ ይኸደኑ።

## ድሕንነትኩም ምሕላውን ናይ ህንጻት ሳዕቤናት ምንካይን

- ናብ 130 ሬስኮርስ ሮድ ዘእቱ ሓድሽ ኣማራጺ ናይ ኣጋር መገዲ በቲ ሓድሽ ህዝባዊ መናፈሻ (ሙርናሉንግ ፓርክ/Murnalung Park) ተኸፊቱ ኣሎ
- ኣብ ጥቓ እቲ ናይ ስራሕ ዞባታት ስራሕ ኣብ ዝሰርሓሉ እዋን ድምጽን ምንቅጥቃጥን ጽሬት ኣየርን ምቍጽጻር
- ኣብ ዙርያ እቲ ኸባቢ ናይ ስራሕ ቦታ ምልክት ምግባር
- ተቈጻጸርቲ ትራፊክ ከም ኣድላይነቱ ንማካይንን ንኣጋር ንምምራሕን ኣብ ጥቓ ናይ ስራሕ ዞባታት ተመዲቦም ኣለዉ
- ናይ ጎሓፍ መአከቢን ናይ ሓደጋ እዋን መውጽኢ መገድታትን ከምዝነበሮ ኣብ ቦታኡ ኣሎ።

## ናይ ስራሕ ሰዓታት

ስራሕና በቲ ናይ ቤት ምኽሪ ልሙድ ናይ ስራሕ ሰዓታት ዝምራሕ ኢዩ፦

**ካብ ሰኑይ ክሳዕ ዓርቢ**
ካብ ሰዓት 7 ናይ ንግሆ ክሳዕ ሰዓት 6 ድሕሪ ቐትሪ

**ቀዳም**
ካብ ሰዓት 9 ናይ ንግሆ ክሳዕ ሰዓት 3 ድሕሪ ቀትሪ

## ስለ ትዕግስትኹም ነመስግን

ነዚ ኣገደስቲ ስራሕቲ ከነቕርብ ከሎና ስለ ትዕግስትኹም ነመስግነኩም።

### ብዛዕባ እቲ ስራሕ ሕቶ ኣሎኩም ዶ?

ብዛዕባ እዚ መደብ ስራሕቲ ሕቶታት እንተ ሃልይኩም ወይ ኣስተርጓሚ እንተ ደሊኹም በጃኹም ብ flemington@homes.vic.gov.au ኢ-መይል ግበሩልና።

## ካርታ ቦታ ስራሕቲ




## ዝያዳ ፍለጡ

ብዛዕባ ሆምስ ቪክቶርያ ዝያዳ ሓበሬታ እንተ ደሊኹም ናብዚ፦ homes.vic.gov.au ኺዱ

ብመንግስቲ ቪክቶርያ ዝተፈቕደን ዝተሓትመን 1 Treasury Place, Melbourne። © ግዝኣት ቪክቶርያ ኣውስትራልያ፣ ሆምስ ቪክቶርያ ሓምለ 2026።